# መቕድም

**ንግደት፣ ቅዱስ ቦታታትን፣ ስርየት ሓጢኣትን**

**ክቡራትንን ክቡራትን ኣንበብቲ፣**

እዛ ጸሎት ነጋዲያን እትብል ንእሽቶ መጽሓፍ ካብ ሓንቲ Prayers for Pilgrims ዝኣርእስታ ብናይ AMECEA Pastoral Department Nairobi, Kenya ተሰናዲዋ፣ ነቲ ዓቢይ ኢዮቤል (2000 ዓ.ም.) ከተገልግል ናብ ትግርይና ዝተተርጐመት ኢያ። እንሆ ከኣ፡ ሕጂ ድሕሪ 25 ዓመት፥ ደጊምና ነሕትማ ኣለና። ኩላትና ከም እንፈልጦ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ካቶሊካውያን ነዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ኢዮቤል **2025** ዓ.ም. ብምስጋር፡ ንስሓን ተሓድሶን ከብዕልዎ ብቤተክርስትያን ተዓዲሞም ኣለዉ። ንግደትና ፍርያም ምእንቲ ኪኾውን እምበኣር ትርጉም ናይ ንግደትን እቲ እንነግደሉ ቅዱስ ቦታታትን እንረኽቦ ስርየት ሓጢኣትን ክንፈልጥ ጠቓሚ ኢዩ።

## ፩ ንግደት

ንግደት ናብ ሓደ ቅዱስ ቦታ ዝግበር ጉዕዞ ኢዩ ዘስምዕ። እዚ ዝግበር ከኣ ንምስጋና፡ ንካሕሳ፡ ንስሬት ኃጢትን ንልመናን ኢዩ። ንግደት ብእግሪ እናኸድካ፡ ኩሉ ካልእ ዋኒን ገዲፍካ፣ ኣብ ጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ተጸሚድካ ኢዩ ዝፍጸም። እዚ ብምግባር ድማ እግዚኣብሔር ይባርኸናን ይቕድሰናን። በዚ ምኽንያት ከኣ ነቢይ ዳዊት ***"ተፈሳሕኩ እስመ ይቤሉኒ ቤተ እግዚኣብሔር ነሐውር፥ ወቆማ እገሪነ ውስተ አዕፃድኪ ኢየሩሳሌም"፣ "ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ። ኦ ኢየሩሳሌም ኣእጋርና ኣብ ደጌታትኪ ቆይመን ኣለዋ"*** (መዝ. 122፥1) እናበለ ዘመረ። ሓቀይና ትርጉም ንግደት እምበኣር ቅዱስ መጽሓፍን ታሪኽ ቤተ ክርስትያንን ታሪኽ ደቂ ሰብን ብምውካስ ብዝበለጸ ክንርድኦ ንኽእል ኢና።

1. **ንግደት ሕዝቢ እስራኤል።** ሕይወት ሕዝቢ እስራኤል ዳርጋ ኩሉ ንግደት ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ካብ ሃራን ንከንኣን፡ ካብ ከንኣን ንግብጺ፡ ካብ ግብጺ ብምድሪ በዳ ኣቢሎም እንደገና ንከንኣን ከምኡውን ኣብ ከንኣን ናብ ዝነበሩ ቅዱሳት ቦታታት ይጕዓዙ ነበሩ። ዓመት ዓመት ድማ ካብ ኩሉ ምድሪ እስራኤልን ዓለምን ንኢየርሳሌም ይነግዱ ነበሩ።

2. **ንግደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ።** ኢየሱስውን ነታ ሓጻር ሕይወቱ ከም ሓንቲ ንግደት ኢዩ ኣሕሊፍዋ። ብፍላይ ቅዱስ ሉቃስ ን ሕይወትን ስራሕን ኢየሱስ ከም ሓንቲ ካብ ናዝሬት ንኢየሩሳሌም ዝገበራ ጉዕዞ ገይሩ ኢዩ ዘቕርበልና።

3. **ናይ ክርስትያን ቀጻሊ ጉዕዞ።** ኣብ ዓለም ኩልና መንገደናታት ምዃንና ዝስሕቶ የልቦን። እዚ ብጊዜ ኢዮቤል ንገብሮ መንፈሳዊ ንግደት ከኣ ነዚ ኣጸቢቑ የዘኻኽረና። መዝገብናን ሃብትናን ኣብዚ ዓለም ከምዘይኮነ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ደጋጊሙ ነጊሩና ኢዩ።

## ፪ ቅዱስ ቦታ

ቅዱስ ቦታ ወይ ደብሪ ክንብል ከለና ብዙሕ ነገራት ኢና እነስምዕ። ቅድሚ ኩሉ ሓደ ቦታ ቅዱስ ክኸውን ቀዳሲ ክህልዎ የድሊ። ባዕሉ ዝቕደስ ቦታ፡ ኣቕሓ ወይ ሰብ የልቦን።ቅዱስ ቦታ ክበሃል ከሎ ብህላዌ እቲ ቅዱስን ምንጪ ቅድስና ዝኾነ እግዚኣብሔር'ን ዝተባረኸ ቦታ ማለት ኢዩ። ንሰብ ዝቕድስዎ ከኣ ባዕላቶም ቅ.ሥላሴ ኢዮም። ቅዱስ ጳውሎስ እውን ኩላቶም እቶም ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝተጠመቑ ቅዱሳን ከምዝኾኑ ይገልጽ። ስለዚ ምንጭን መሰረትን ቅድስና ናይ ሓደ ሰብ፡ ቦታ ወይ ኣቕሓ ባዕሉ እቲ ቅዱሰ ቅዱሳን እግዚኣብሔር ኢዩ። ናብ ሓደ ቅዱስ ቦታ ክንከይድ እንከሎና እንበኣር ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነጥብታት ምዝካር የድሊ።

1. **ቅዱስ ቦታ ዝኽሪ መበቈልናን መንነትናን ኢዩ።** ኣብ ሓደ ቅዱስ ቦታ በጺሕና ምስቲ ፈጣሪናን ናባይናን መድኃኒናን ዝኾነ ኣምላኽ ክንራኸብ እንከሎና፣ መንነትና ብዝበለጸ ይግለጸልና። መን ምዃንና፡ ካበይ ዝመጻእና፡ ኣበይ ዘሎና፡ ናበይ ንጐዓዝ ዘሎና ክንፈልጥ ይሕግዘና ኢዩ።

2. **ቅዱስ ቦታ ፍሉይ ህላዌ ኣምላኽ እነስተማቕረሉ ቦታ ኢዩ።** ብንግደት፡ ብጾም፡ ብጸሎት፡ ብምጽዋት ተሰናዲና ኩሉ ዘየድሊ ጽዕነት ኣራጊፍና፣ ናብቲ ቦታ ምስ እንበጽሕ ንእግዚኣብሔር ክንርእዮን ክንሰምዖን ክነስተማቕሮን ዕድል ንረክብ።

3. **እተን ዝንገደለን ቅዱሳት ደብርታት ናይታ እንጽበያ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ምልክት ኢየን።** ንግደት ናይ ተስፋ ምልክት ኢዩ። ዝበዝሕ

ጊዜ ንንግደት ዝነቕሉ ሰባት ይመባጽዑ ኢዮም። እዚኣ እንተኣሰሊጡለይ ከምዚ ክገብር ኢየ። ወይ ነዚ ከወፊ ኢየ እናበልና ኢና ንጅምሮ። ነቲ እንምነዮ ክንረክብ ኢና ንግደት ንገብር። እግዚኣብሔር ንዝበደልናዮ ይቕረ ክብለልና፡ ብዝገበረልና ክነመስግኖ፣ ዝለመናዮ ክሰምረልና ሃረር ንብል።

## ፫ ሥርየት ኃጢኣት



ኣብቲ ምሥጢረ ሥጋዌ ዝኣርእስቱ ኢዮቤላዊ ሰነድ ቅዱስ ር.ሊ.ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ካልኣይ ብዛዕባ ሥርየት ኃጢኣት ከምዚ ዝስዕብ ነንብብ፡ "እዚ ሥርየት ኃጢኣት እዚ ምልክት ምሕረት ናይቲ ብመጀመርያ ንበደልና ብምምሓር፣ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብፍቕሩ ዚዛረብ እግዚኣብሔር ኣቦ ኢዩ። እቲ ብምፍላጥን ብድላይን ናብ ዓቢይ ኃጢኣት ዘብጽሕ ውድቀት፡ ንምእመን ካብ ሕይወት ጸጋ ኣምላኽ ምስታፍ ይኽልክሎ፤ ካብቲ ዝተጸውዓሉ ቅድስና'ውን የርሕቖ። ቤተክርስትያን ካብ ክርስቶስ ብስሙ ኃጢኣት ክትሓድግ ሥልጣን ስለዝተዋህበት (ማቴ 16ን 19ን፡ ዮሓ 20ን 23ን ርአ)፡ ንሳ ናይቲ ኵሉ ድኻምነት ወዲሰብ ብምሕረቱ ኪሓቍፍ ዝደሊ ኣምላኽ፡ ኣብ ዓለም ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ ሕያው ምልክት ኢያ። እግዚኣብሔር ብተግባረ ተልእኮ ቤተ ክርስትያኑ ገይሩ፣ ነቲ ካብ ነዊኅ እዋን ብስም ሥርየት ኃጢኣት ዝፍለጥ ክቡር ህያብ፣ ኣብ ዓለም ምሕረቱ ይዝርግሕ። ሥርየት ኃጢኣት ማለት እምበኣር በቲ ኣብ ጊዜ ንግደት እንገብሮ ጸሎትን፡ ጾምን ምጽዋትን ጒዕዞን ንስሓን፡ ካሕሳ ዝገበርናዮ በደልን ኃጢኣትን ሕድገት ንረክብ ማለት ኢዩ። ሥርየት ኃጢኣት ክንረክብ ግን ኣቐዲምና ብኃጢኣትና ብዓሚቑ ሓዚን ክንንሳሕን ክንናዘዝን የድሊ። "ምሥጢረ ንስሓ ንኃጢኣተይና ሰብ ናብ ጣዕሳ ክምለስን፡ ነቲ ብመሥዋዕቲ ክርስቶስ ዝተረኽበ ጸጋ ድኅነት እንደገና ንኪውንኖን ይሕግዞ። በዚ መንገዲ'ዚ ንሱ ኣብ መለኮታዊ ሕይወትን ኣብ ምሉእ ሱታፌ ሕይወት ቤተ ክርስትያንን እንደገና ይኣቱ። ምእመን ኃጢኣቱ ብምንዛዝ፡ ብሓቂ ምሕረት ይረክብ፤ ከም መጠን ምልክት ናይቲ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦን ምስ ቤትክርስትያንን ዝረኸቦ ኅብረት ከኣ፡ ቅዱስ ቍርባን እንደገና ክቕበል ይኽእል።

**እቲ ብምሥጢረ ኑዛዜ ምስ ኣምላኽ ዝተረኽበ ዕርቂ፡ ነቲ ምንጻሑ ኣድላይ ዝኾነ፣ ንሓድሓደ ሳዕቤን ኃጢኣት ኣየጥፍኦን ኢዩ። በዚ መልክዕ'ዚ እምበኣር ኣገዳስነት ሥርየት ኃጢኣት ዓብይ ይኸውን። ሥርየት ኃጢኣት እንበኣርከስ ናይ ምሕረት ኣምላኽ ምልኣት ጸጋ ኢዩ። ሥርየት ኃጢኣት፡ ንዝተጣዕሰ ኃጢኣተይና፡ ድሮ ኣበሳኡ ምስ ተሓድገሉ፡ ካብቲ ብኃጢኣቱ ምኽንያት ኪጸሮ ዝግብኦ ዝነበረ ጊዚያዊ ስቓይ ናጻ ይገብሮ"** (ም.ሥጋዌ 9)።

**እምበኣርከስ፡ ነዛ ንእሽቶ መጽሓፍ እዚኣ ካብ ኢድኩም ከይፈለኹም ክትጥቀሙላ ተስፋ እናገበርኩ ነቶም ቅድሚ** 25 **ዓመት፡ ነዛ ጽሕፍቲ ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ዝተርጎምዋ፥ መምህር በየነ ቀላቲ ብዝገበርዎ ሥራሕ ብልቢ ከመስግኖም እፈቱ። ንሾልና ከኣ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰሎ ዓመት ኢዮቤልን ጉዕዞ ሲኖዶሳውነትን እምነ።**

**ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም**
**ሊቀጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ**



# ጸሎት ነጋድያን

## ጉዕዞ ናብ ንግደት

### ንምንታይ ኢዩ ጉዕዞ ንግደት ዜድሊ፧

ኣሕዛብ ዓለም ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞ'ዮም ዝርከቡ። ብዙሓት ዓሌታት ሕዝቢ ኣፍሪቃ ንስድራቤቶም ናይ ሕይወት ውሕስነት፡ ንእንስሳታቶም መጋሃጫ፡ ንማሕረስ ዝውዕል ፍርያም መሬት ንምርካብ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንማሕረስ ይፈልሱ። ሎሚ'ውን እንተኾነ ሚልዮናት ኣሕዛብ ኣብ ጉዕዞ ይርከቡ፡ እዚ ማለት ካብ ውግእ ሃዲሞም፡ ዕቑባ ዝሓቱ፡ ስራሕ ንምድላይ ናብ ከተማታት ዝኸዱ መንእሰያት ነጋድያን ኢዮም ኪበሃል ይከኣል። ጸሓይ በሪቑ፡ ደቂ ሰብ፡ ናብ መኣዲ ስራሕ፡ መሬት ንምልማዕ፡ ካብ ዕዳጋ ናብ ዕዳጋ ክሸጡን ክሻየጡን፡ ፈተውቲ ንምብጻሕ ኮነ፡ ሕሙማት ንምብጻሕ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ኩልና ንዚበዝሕ ክፋል ሕይወትና ኣብ ጉዕዞ ነሕልፎ።

ሓደ ሓደ እዋናት እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኪፈልሱ ይጽውዖም ኢዩ። ነቲ ብእምነት ኣቦና ዚኾነ ኣብርሃም፡ ካብቲ ቅሱን ሕይወቱ ካብ ሃራን፡ ናብ ዘይፈልጦ ቦታ ጸዊዕዎ። ብሙሴ ገይሩ ንደቂ እስራኤል ካብቲ ከም ባሮት ዚነብሩሉ ዝነበሩ ምድሪ ግብጺ ናብቲ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾነ ብናጽነት ክነብሩሉ ናብ ዝኸእሉ ቦታ ጸውዖም። እቲ ጉዕዞ ምድረ-በዳታት ኣቋሪጽካ ዚሕለፍ ነዊሕን ኣድካምን ጉዕዞ ኣርብዓ ዓመት ኢዩ ነይሩ። እግዚኣብሔር ኣብ ሓደ መዓልቲ ንወዱ ናብቲ ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓደገይና ጉዕዞ ኢየሩሳሌም ኪከይድ ኣዘዞ።

ነፍሰ-ወከፍ ከኣ ካብቲ ንነብረሉ ናብቲ እግዚኣብሔር ዚደልዮ ቦታ ንክንጕዓዝ ንጽዋዕ ኢና። እግዚኣብሔር በቲ ውሽጣዊ ወይ ናይ ሕሊና ጉዕዞ ተጓዒዝና ናብቲ ጥንተ-ፍጥረትና ዚኾነ ጉዕዞ ድኅነት ክንኣቱ ዓዲሙና ኣሎ። ከም ክርስትያን መጠን፡ ሕይወትና ምሉእ ካብ ምድራዊ ሕይወት፣ ናብ ሰማያዊ ሕይወት ንምብጻሕ ዚግበር ጉዕዞ ም'ዃኑ ንፈልጥ ኢና። ከም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ቤት ኣቦና ናብቲ ሓቀይና ሕይወት ንጐዓዝ። ከምቲ በታኒ፡ ጥፉእ ወዲ ከኣ ናብቲ ዘጥፋእናዮ ቤት፡ ቤት ኣቦና ኣብ ምምላስ ንርከብ።

ንግደትና ናብቲ ቅዱስ ቦታ እንተኾይኑ፣ ከምቲ ካልኦት ሰባት ዚረኽብዎ ዕድል ንኣምላኽ ክንረኽቦ ኢና። ዑረትና እግርና ንምፍታሕ እንተኾይኑ ግን ገያሾ ጥራይ ኢና። መንፈስ ንግደት ዚዓሰሎ ጉዕዞ፡ መጀመርታ ናይ ውሽጥና ጉዕዞ ወይ ናይ ልቢ ጉዕዞ ኢዩ። እዚ ማለት ጉዕዞና ኣሰር እቲ ንኣምላኽ ዚኣመነ ኣብርሃም ይኽተል። ምስ ሙሴን ሕዝቡን እንተተጓዓዝና ከኣ ናይቲ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ዚበጽሕዎ ምድረ-ሓርነት ክንረግጸሉ ዜኽእልና ብዙሕ ፈተናታት ክንሰግር ኢና። ነቲ ናብ ኢየሩሳሌም ዚገስገሰ ኢየሱስ ክንክተል ንውስን። ንግደትና እንክንጀምር ግን መላእ ሕይወትናዶ ኣብ ኣምላኽ ከነቕንዮ ኢና? ኢየሱስ ክርስቶስ ምሳና ከም ዚጐዓዝስ ንኣምን ዲና፧ ንሕሹኽታ እግዚኣብሔር ጽን ኢልና ንምስማዕ ቅሩባት ዲና፧ እዚ ዓቢይ ኢዮቤል እምበኣር ናይ ንግደትና ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ።

## ናበይ ኣቢልና ኢናኸ ንነግድ፧

ኩሎም ክርስትያን ንዘመናት ኪነግድዎ ዚተመነዩዎ ቦታ እቲ ቅዱስ ቦታ (ኢየሩሳሌም) ተባሂሉ ዚፍለጥ ኢዩ። ከመይ ኣብቲ ቦታ'ቲ ኢዩ ኢየሱስ ዚነበረን፡ ዚሞተን ዚተንሥኣን። ናብቲ ክርስቶስ ዚነበረሉ ቦታ ክትከይድ ምድላይ፣ ንኣኡ ንዘሎና ፍቕሪ ንምሕዳስን ደቂ መዛሙርቱ ንምዃንን ዚሕግዘና ይኸውን። ብዙሓት ክርስትያን ናብቲ ሓዋርያት ዚተቐብሩሉ ከም ሮማ ዚኣመሰሉ ብፍላይ ከም ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ምእንቲ ኢየሱስ ቢሎም ሕይወቶም ዚወፈዩሉ ቦታታት እውን ነጊዶም ኢዮም። ካልኦት ቦታታት እውን እግዝእትነ ማርያም ዝተራእየትሉን ብዙሓት ሰባት፡ ናይ ንስሓን ናይ ሕውየትን ጸጋታት ዚረኽቡሎምን ብምዃኖም ሰሓብቲ ኢዮም።

እዞም ዝተጠቕሱ ቦታታት ግን ኣዚዮም ርሑቓት ብምዃኖም ብዙሓት ሰባት ኪነግድዎም ዚኽእሉ ኣይኮኑን። ስለዚ ንግደት ንሃብታማት ጥራሕ ኢዩ ማለት ዲዩ? ኣይኮነን ነፍስ-ወከፍ ክርስትያን ናብቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ መንፈሳዊ ቦታ እንተደኣ ነጊዱስ፡ ከምቲ ካልኦት ዚረኽብዎ ተመክሮ መንፈሳዊ ህያባትን ኪረክብ ዘይኽእል ኣይኮነን። እቶም ንክንጽሊ ዜነቃቕሑናን እምነትና ዜሕድሱልናን ቦታታት እዞም ዚስዕቡ ኢዮም። እቶም ቀዳሞት ልኡካነ-ወንጌል ዚደኮንዎምን ቀዳሞት ማሕበራት ክርስትያን ዚጀመሩሎምን፡ እቲ ኣቡን ዚርከቡሉን ከም ክርስትያን ኩላትና ኣብ ዙርያ ኣቡን ኰይና ሕብረትና እንገልጸሉን መንበረ ጵጵስና ወይ ዓቢይ ቤተ-

ክርስትያን፣ እቲ ካብ ዘመናት ጀሚሮም ምእመናን ዚነግድዎን ዝጽልይሉን ቊምስና ወይ ቤተ-መቕደስ ኪኾኑ ይኽእሉ። እቲ ቊምነገር ኣብቲ ንኸዶ ቦታ ዘይኮነስ፡ እቲ ንቃለ እግዚኣብሔር ንክንሰምዕ ዘሎና ቅሩብነትን፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ ንክንከውን ዘሎና ድልየትን ብርእሱ ኢዩ።

## ንንግደት እንታይ ምቅርራብ የድሊ፧

ኣድማዒ ንግደት ንምግባር እዚ ዚስዕብ ምቅርራብ ምግባር የድሊ፡

- ብዛዕባቶም ዓበይቲ ናይ እምነት ነጋድያን ዚምልከት ቃለ-እግዚኣብሔር ብዓቢይ መንፈሳውነትን ጸሎትን ብምንባብ፣
- ምሥጢረ ንስሓ (ብመንፈስ ዕርቂ)ን ልባትና ብምንጻሕ፣
- ብፍቕሪ እግዚኣብሔር ተደሪኽካ፣ ኣብ መዓልቲ ስራሕ ከይተረፈ ቅዳሴ ብምስማዕ፣
- ጸሎተ-መቑጸርያ ብምድጋም፡ ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን እግዚእትነ ማርያምን፣ ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ዝገበርዎ ንግደት ምስትንታን፥
- መንፈስ-ተጋድሎ ዘሰንዮ ንስሓ ብምግባር ኪፍጸም የድሊ።

ንግደትና ተመክሮ እምነትን ናይ ልቢ ለውጥን ኬልብሰና ምእንቲ፡ ነዞም ዚስዕቡ መንፈሳውያን ንባባት በስተንትኖ ከነንብቦም ይግበኣና።



## ኣብርሃም እቲ ናይ መጀመርያ ተጓዓዛይ (ነጋዲ) ምእመን

"...ኣብርሃም ናብቲ ጐይታ ዚኣዘዞ ኣቕንዐ" (ዘፍ. 12፡1-3)። ኣብርሃም ንጸዋዕታ እግዚኣብሔር ሕራይ ቢሉ ንክምልስ ዓቢይ እምነት ይሓቶ ነይሩ። ጉዕዞኡ ናበይ ምኻኑን እንታይ ከም ዜጓንፎን ይፈልጥ ኣይነበረን። "ናበይ ይኸይድ ከም ዝነበረ ከይፈለጠ ዓዱ ገዲፉ ተጓዕዘ" (ዕብ. 11.8)።

ዝኾነ ይኹን እምበር ኣብርሃምስ በዓል ዓቢይ እምነት ደኣ ነበረ። ኣብቲ እግዚኣብሔር ዘተስፎዎ ከኣ ኣመነ። "ኣብርሃም ኣብ እግዚኣብሔር ኣመነ፡ ብእምነቱ ከኣ እግዚኣብሔር ከም ሓደ ጻድቕ ሰብ ተቐበሎ (ሮሜ.4፡3) ። በዚ እምነት እዚ ከኣ ኣቦና ኮነ።



ኣብ ንግደትና ኣሰር ኣቦና ኣብርሃም ክንክተል ንደሊ እንተኮይንና፡ ነዚ ዚስዕብ ክንፍጽም የድሊ። መጀመርያ ንኹሉ ሓዲግና ንቃል-እግዚኣብሔር ጽን ንበል። ኣብዚ ጉዕዞ እዚ እግዚኣብሔር ዚዛረበናኳ እንተለዎ ዘይንጹርን በየን ከምዝመጽእን ዘይፍለጥ ኮይኑ ይስመዓና ይኸውን።እቲ ቀንዲ ነገር ግና ልባትና ንኣምላኽ ክፉት ክንገብሮን ናብቲ ዝመርሓና ዘበለ ክንጐዓዝ ቅሩባት ክንከውንን ኣሎና ማለት ኢዩ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታ ንኣኻ ንምድላይ ነዚ ጉዕዞ እዚ ጀሚርናዮ ኣሎና፡ ነዚ (ጉዕዞ እዚ) ንግደት እዚ ባርኽልና፡ ናይ እምነት ጉዕዞ ከኣ ግበረልና። ልባትና ንኣኻን ንቃልካን ንምቕባል ኣብቅዓዮ፡ ብእምነት እውን ምልኣዮ።

*ኣብርሃም ምስ ኣምላኽ ናይ ዝተራኸበሉ ዝኽሪ ይሕዝ ነበረ (ዘፍ. 12፡7-9፡ 13፡3)*

ኣብርሃም ሓደ ፍሉይ ልምዲ ነበሮ። እዚ ማለት ኣብ ብዙሕ ቦታታት ታቦት ወይ መሰውኢ ይተክል ነበረ። ኣምላኽ ኣብ ዝተራእየሉ ቦታ ዘበለ ጨርሒ ምጭራሕ ልማዱ ነበረ። ጸኒሑ በቲ ከምቲ ዝኣመሰለ ቦታታት እንኪሓልፍ ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሔር ዚበሎን ዚገበረሉን የስተንትን ነበረ። እዚ ኩሉ እናገበረ እንከሎ ግን እግዚኣብሔር ህላዌኡ ዳርጋ ይሓብኣሉን፡ ንዚሃቦ መብጽዓ እውን ዘይፍጽመሉን ኮይኑ ይርኢ ነበረ። ነቲ እግዚኣብሔር ኣቐዲሙ ዝተራእየሉን ቃላቱ ዜስምዓሉን ቦታታት ብምብጻሕ ግን ኣብርሃም ንእምነቱ የሐድሰሉ ነበረ።

ንሕና እውን ኣብዚ ንግደት እዚ ብሕሊናና ነቲ እግዚኣብሔር ንልባትና ዚተንከፈሉ ጊዜን ቦታን ንምዝካር ይሕግዘና ይኸውን። ምናልባት እዚ ንግደት እዚ ዕለት-ጥምቀትና ወይ ቃል ኪዳናን (ክህነትና፡ መብጽዓ

ምንክእስናና) ፡ እቲ ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ዚተዋሳእናዮ ጊዜ፡ እሞ ኣምላኽ ኣብኡ ምሳና ከምዘሎ ዝተፈለጠና ጊዜ፣ ካብ ቅ.መጽሓፍ ኣንቢብና ቃሉ ንልባትና ዘለዓዓለሉ ዕለት፤ ወይ ከኣ በብውልቅና ብሰንኪ ጉድለትና፣ ካብ እግዚኣብሔር ርሒቕና ኣብ ጸልማት ዚተኸወልናሉ ጊዜ፡ በንጻሩ ከኣ እቲ እግዚኣብሔር ከም ኵነታትና ከም ዝቕበለናን ዜድሕነናን ዘስተንተናሉ ሰዓት ዘዘክር ኪኾነልና ይኽእል። ኣብ ሓደ ናይ ጽሞና ቦታ ኮይንና፡ ነቲ እግዚኣብሔር ኣብ ሕይወትና ዚገበረልና ድማዕን ጸጋን ብምስትንታን ድሕሪ ተመሊስና፣ ህላዌ እግዚኣብሔር ኣብ ሕይወትና ከመይ ምንባሩ ንዝክር።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታይ፡ ዚበዝሕ መዋዕል-ሕይወተይ ጸልማትን ዘየሕጉስን ኢዩ፡ ንስኻውን ካባይ ዚረሓቕካ ኮይኑ እስምዓኒ። እንተኾነ ግን ንስኻ ብብርሃንካን ፍቕርኻን ዚበጻሕካንን ልበይ ዚተንከፍካንን መዓልታት እውን እዝክር እየ። ምእንት'ዚ ነዘን መዓልታት ጸጋ ዚኣተን ዚዝክረሉን ንልበይ ከምእንደገና ዜቃጽልን ሃልሃልታ እምነት ሃበኒ።

## ነዊሕ ናይ ምድረ-በዳ ጉዕዞ

(ዘጸ. 40፡36-39) (ዘኁ. 11፡5-6)

ንግደት ነዊሕን ጽንኩርን ኢዩ። እናሓንሳብስ፡ ናበይ ከም ንጐዓዝን ወይ በየን ከም ንመላለስን ካባይ ከም ዝመጸእናን ዘይርደኣና ኪኸውን ይኽእል። ሕይወትና እውን ብርእሳ ከምኡ ኢያ። እዚ ማለት ሕይወትና መወዳእታ ዘይብሉ ጸገማት ዚመልኦን እግዚኣብሔር ዚረሓቐን ኮይኑ ኪስመዓና ይኽእል። ካብዚ ዝተላዕለ ጸሎት ካብ ምግባርን ተስፉ ካብ ምግባርን ተስፉ ናይ ምቍራጽ ፈተና ከነሕድር ንኽእል። እንተኾነ ግን ጊዜ ፈተናን ጸገምን ጊዜ ጸጋ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ። ተስፉ ኣብ ንቖርጸሉን እንቀብጸሉን እግዚኣብሔር ብርሕራሔ ኢዩ ናብኡ ክንምለስ ዚጽበየና። ኣባና ዘሎዎ ተጸባይነት እውን ኣይጐድልን። "ኣብቲ ጽምዋን ብንፋስ ዚናወጽ ጸምጸም በረኻ ናይ ምድረ-በዳ ክህውትቱ ረኸቦም እሞ ከም ቢለን ዓይኑ ተኸላኸለሎምን ሓለየሎምን" ፣(ዘዳ.32፡10)።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታይ፡ ሕይወትና ጽንኩር፡ ትጽቢትና ዘይተማልአ፡ ሓይልና ዚማህመነ ኮይኑ ኪስመዓና ይኽእል ኢዩ እሞ፡ ኣብዚ ንግደት እዚ ኣባኻ ዘሎና እምነት ሓድሰልና፡ ንዘተስፎኻና ብተስፉ ክንጽበን እቲ ንኣና እትገብሮ

ሓልዮት ንምፍላጥ ከም እንበቅዕ ግበረና።

## እግዚኣብሔር ናይ ጉዕዞና ስንቂ (ሲሳይ) ይሓልየልና ኢዩ (1ነገ.19፡4-8)

ኤልያስ ሓደ ኻብቶም ዓበይቲ ነብያት ኢዩ ነይሩ። እቶም ሕዝቢ ንኣምላኽ ኣቦታቶም.....ረስዕዎ። ሕይወት ነቢይ ኤልያስ ፈተናታት ከበብዎ። በቲ ኩሉ ዚገበሮ ሓይሉ ማሲና ተስፋ ዜቝረጸ ኮይኑ ይርአ። ጻዕሩ ንኸንቱ ይኸውን፡ ምንባር ይጽልኦ። እግዚኣብሔር ከምቲ ንሕዝቡ ኣብ ምድረ-በዳ ዚመገቦም ንኤልያስ እውን መግቡ ሰደደሉ እሞ ብሳላ ሓይሊ እቲ መግቢ ሓይሊ ደሊቡ፣ ናብቲ እግዚኣብሔር ዚረኸበሉ ከረን ደየበ።

ሕይወት ዜፍርህ ኪኸውን ዘይክኣል ኣይኮነን። ብፍርሂ እውን ክንወሓጥ ንኽእል። መንገዲ እግዚኣብሔር ከኣ ጽንኩር ኮይኑ ኪረኣየና ይኽእል ኢዩ። ፈተናታት ኪመልኡናን ኬሰንብዱናን ይኽእሉ። ኩሉ ጊጉይ ኮይኑ ይረኣየና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዚ ከም ዜጋጥመና ኣቐዲሙ ስለዝፈለጠ ናይ ሰማይ እንጌራ ሰሪዑልና ኣሎ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሰንበት እዚ መግቢ ይሰርዓልና እሞ ንሰሙናት ዚኣክል ስንቂ ይኾነልና ካብዚ መግቢ እዚ ንስድራ ቤትና (ማሕበርና ቊምስናና ወዘተ) ክንሰርሓሉ፡ ንዜጋጥሙና ፈተናታት እነሰንፈሉ፡ ንዚበደሉና ይቕረ እንህበሉን እነፍቅረሉን ሓይሊ ንረክብ። ምእንቲ እዚ ኣብ ግዜ ንግደትና ንቅ.ቊርባን ብምስጋናን ፍቕርን ተቐቢልና ህላዌ ጐይትታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣስተንትኖ እናዘከርና ንጐዓዝ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታይ፡ በዚ ኣብ ጉዕዞና ዜሰንየና ዝሃብካና መግቢ ነመስግነካ ኣሎና። እቲ ሰሙን ሰሙን እትህበና መግቢ ናባኻ እንጐዓዘሉ ምንጪ ሓይሊ ዚህበና ክትገብረልና ንልምነካ ኣሎና።

## ንግደት ንጸዋዕታ እግዚኣብሔር እንሰምዓሉ ኣጋጣሚ ኢዩ።

*“ወለዱ ዓመት ዓመት ናብ በዓል ፋሲካ(ምስጋና) ናይ ምኻድ ልማድ ነበሮም”። (ሉቃ.2)*

ጐይትታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ 12 እንከሎ፣ ናብቲ ዓመት ዓመት ዚንገዱ ዚነበረ ናብ ኢየሩሳሌም ንፈለማዩ ነገደ። እዚ ንግደት እዚ ሓደ መንፈሳዊ ናይ እምነት ተመክሮ ኮነሉ። ኣብቲ እናጸለየን እናዘመረን ናብ ከተማ

እግዚኣብሔር ዚጐዓዘሉ ዚነበረ ጊዜ፣ እቲ ናይ ብሓቂ ኣዲኡን ኣቦኡን ማርያምን ዮሴፍን ከም ዘይኮኑ ኪርደኣሉ ዝጀመረ ጊዜ ሽው ኢዩ። እዚ ማለት እቲ ምንጪ ሕይወት ብርእሱ እግዚኣብሔር ምዃኑ ተገልጸሉ። ኣብቲ ቤተ-ጸሎት ምስ ጸለየ ምሉእ ሕይወቱ ንኣምላኽ ኡነተይና ኣቦኡ ንኬገልግል ከምዚተጸወዐ ተረድኦ። ብእግዚኣብሔር ስለዝተመሰጠ ነቦኡን ነዲኡን (ማርያምን ዮሴፍን) ከይተረፈ ረስዖም። ሕይወቱ ንእግዚኣብሔር ንምውፋይ ሓዲሽ ውሳነ ወሰነ።

እግዚኣብሔር ንነፍሲ ወከፍና ንኣኡን ንሕዝቡን ንኬነገልግል ብፍሉይ መንገዲ ይጽወዓና ኢዩ። ነዚ ጸዋዕታ እዚ ንክፍጽም ከኣ ፍሉይ ጸጋታት ይዕድለና። ገለ ንመሪሕነት ቤተ-ክርስትያን ገለ ንትንቢት ወይ ንምምሃር ይጽውዓና። ንካልኦት ከኣ ሕሙማት ናይ ምሕዋይ ናይ ምምካር ህያብ ይወሃቡ። ገለ ከኣ ብቋንቋታት ናይ ምጽላይ ህያባት ይዕደሉ(1ቆሮ.12፡27-28)፣ ንካልኦት ብኪዳን ስድራ ኣቐሞም ኬገልገልዎ ይጽውዖም። ንገለ ውሑዳት ከኣ ንክብሪ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ብዘይ ምርዑው ሕይወት ኬገልግል ዚተጸውዑ ኣለዉ(ማቴ.19፡12)። ሰላምን ሓጎስን እንረክብ ንጸዋዕታ እግዚኣብሔር ምስ እንቕበል ሕራይ ምስ እንብል ንዝተዋህበና ጸጋ ወይ ህያብ ኣብ ኣገልግሎት ካልኦት ብጾትና ምስ እነውዕሎን ጥራይ ኢዩ።

ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ኣብ እንጐዓዘሉ ጊዜ ጸዋዕታና እንታይ ምዃኑ ፈሊጥና፡ ኣብቲ ጸዋዕታና ምእንቲ ኬነድምዕ ክንጽሊ ይግባእ። ብፍላይ ከኣ ነቶም ኣብ ማእከልና ዝነብሩ ጸዋዕታኦም ንምልላይ ዚጽዕሩ ዘለዉ መንእሰያት፣ እግዚኣብሔር ጸዋዕታኦም ኬግህደሎም ክንጽልየሎም ይግባእ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታይ ኢየሱስ፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ ንግደትካ እቲ ሓቀይና ጸዋዕታኻ እንታይ ምዃኑ ፈሊጥካ ብምሉእ ድልየትካ ክትክተሎ ከም ዝወሰንካ ንፈልጥ።ምእንቲዚ መንእሰያት በቲ ከንቱ ዝኾነ ናይ ባህልታትና ተስፋታት ከይተታለሉ፣ ነቲ ኣብ ልባቶም ዚመጽኦም ሕሹኽታ እግዚኣብሔር ሰሚዖም፣ ብትብዓት ኪኽተልዎ ርድኣዮም። ንነፍስ-ወከፍና እውን ብተኣማንነትን ሓጎስን ኣብ ጸዋዕታና ክንነብር ርድኣናን ሓግዘናን።



## ምስ ጐይታና ኢየስሱስ ክርስቶስ ናብ ጉዕዞ (ንግደት) ኢየሩሳሌም

(ማቴ.10፡32-34፡46-52)

ንግደትና ናብቲ ነዊሕን ደሮናን ዚመልኦ ጐደና ይመርሓና። ድሕሪ ናይ ሰዓታት ጉዕዞ ንደክምን ንጠምን፡ ኣእጋርና ይሕሙና ጐሮሮና ይነቅጽ። (ናብ ተስፋ ቁርጸት ገጽና ንዚንብል) ንሰንፍ እውን።

ሓደ መዓልቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ጽንኩር ጉዕዞ ንኪፍጽም ሰማያዊ ኣቦኡ ሓቲትዎ ኢዩ። ናብ ኢየሩሳሌም ምጉዓዝ ማለት ብኻልኦት ምኽሓድን ምስቓይን ምማትን ምኻኑ ይፈልጥ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ጉዕዞ እዚ ግን ብትብዓትን ተኣማንነትን ኢዩ ዚጓዓዞ፣ ብዘይካ'ቲ ድኻ ዓይነ-ስዉር ለማናይ ካልኦት ኩላቶም፣ በቲ ኣድካሚ ጉዕዞ ናይ ኢየሱስ ሰንቢዶም ኢዮም ዝነበሩ። እቲ ለማናይ ንኢየሱስ ናይ ምርኣይ ዕድል ምስ ረኸበ ዚነበረቶ ካባ ሓዲጉ ኣሰር ኢየሱስ ሰዓበ።

ሕይወት እውን ከም ሓደ ስቓይ ዚመልኦ ዘይውዳእ፣ መወዳእታኡ ከኣ ሞት ኮይኑ ኪስመዓና ይኽእል። ንክንነብር እንገብሮ ቃልሲ ዘይዕወት ኮይኑ ኺስመዓና ይኽእል። ኣባላት ስድራ-ቤትናን ፈተውትናን ክኸድዑና ይኽእሉ። ብሕማም ንጥቃዕ። ብራዕዲ ተዋሒጥና ኣብ ሕይወት ምቕጻል ይሰኣነና። ከምቲ ዓይነ-ስውር ለማናይ ናብ ክርስቶስ ኣተኩርና እንተጠሚትናን ኣብ ጉዕዞ ሕይወት እንተስዒብናዮን ግን ትብዓትን ሓይልን ሂቡ ብሞት ኣቢሉ ናብ ምልኣት ሕይወት ኪወስደና ኢዩ።



**ጸሎት፦** ኦ ኢየሱሰይ ካብ ዑረትና ኣሕውየና፡ ብርሃን-ሃይማኖት ሃበና፡ ቀቅድሜና ብምጉዓዝ ክንክተለካ ሓይሊ ሃበና። ድሕሪዚ ግን ዕለታዊ መስቀልና ክንጸውርን ናብታ ኩሉ ንብዓት ዚሕበሰላ ኩሉ ሓዘን ዘበለ እውን ዚርስዓላ ናይ መወዳእታ ጉዕዞና ዚኾነት ሓዳስ ኢየሩሳሌም ንምብጻሕ ዓቕሚ ኪህልወና ኢዩ። **እቲ ካብ ሞት ዚተንሥአ ኢየሱስ ምሳና ኢዩ ዚጐዓዝ (ሉቃ.24፡13-15)።**

ኣብ ሕይወት ለውጢ ክንገብር፡ ቤት ክንሓንጽ፡ ሕጉስ ስድራ-ቤት ክንምስርት ምስ ዓበይቲ ተስፋታትን ሕልምታትን ንጅምር። እንተኾነ ግን፡ ስራሕ ምስኣን፡ ሓዳርና ብምብታኑ፡ ዘይጽወር ድኽነት ምስ ዝጸቕጠና፡ ሕማምን እርጋንን ኪጸቕጠና ስለ ዚኽእሉ፡ ሕልምታትና ኪበኑ፣ ተስፋታትና ኪቕህሙ ይርከቡ። እግዚኣብሔር ከኣ ካባና ርሒቑ ኣብ ሕይወት ዘይዋሳእ ኮይኑ ኪረኣየና ይኽእል።

ኢየሱስ ግን ብዚያዳ ኣብ ጥቓና ዚኸውን በቲ ብሕትና ዘሎና ኮይኑ ዚስመዓና ጊዜ ኢዩ። ኩሉ ጊዜ ኣብ ጥቓና ይጉዓዝ። ብዚስሕቕ ሕፃን ብሰናይ ቃል ፈታዊና፡ ንመንገደይና ብምምጽዋት ኣቢልና ንረኽቦን ይጓነፈና። ኣብ ቅ.መጽሓፍ ብዘሎ ቃላቱ ሓድሽ ትብዓትን ሓይልን ይህበና። እቲ ምእንታና ቢሉ ዚቐርሶ ሕብስቲ-ቍርባን ኣብ መንጎ ክንደይ ጸገማት ሕይወት፡ ዓሚቝ ስምዒት ሰላም የሕድረልና። ምእንቲ'ዚ በይንና ዘይኮነስ፣ ኣብ ጉዕዞና ኢየሱስ ስለዘሎ ምስኡ ኮይንና ንጽባሕ ንገጥማ።

**ጸሎትና** ጐይታና ኢየሱስ፡ ተስፋ ዜቑርጸና ነገራት ብዙሕ ምኻኑ ንፈልጥ። ተስፋ ንቑርጸሉ ጊዜ ውሑድ ኣይኮነን። ምእንቲዚ ጸልማት እንኪወርሰና ኣይትሕደገና። ምሳና ተጓዓዝ። ንልባትና ብምቑት ተስፋ ምልኣዮን ኣቓጽሎን። እቲ ንዓካ ንምርካብን ገጽካ ንምርኣይ ዜሰንየና ሕብስተ-ሕይወት ምሳና ኮይንካ ቁረሶ።

**ንሕና እቶም ወትሩ ኣብ ጉዕዞ እንርከብ ሕዝቢ ኢና (ዕብ.11፥8-10፥13-16)**

ናብቲ ክንበጽሖ ዚሃቀንናዮ ቤት ጸሎት ምስ በጻሕና፡ ኣብ ሓጺር እዋን ጉዕዞና መፈጸምታ ይህልዎ። ምልኣተ ሕሊና ወይ ቅሳነት ከኣ ንረክብ። እቲ ኩሉ ርስሓትን ረሃጽን ይርሳዕ፣ ምኽንያቱ ቤተ-እግዚኣብሔር ስለ ንእቱ ኢዩ። ከምቲ ሕዝበ-እስራኤል ኣብ ዓመታዊ ጉዕዞኦም ናብ ቅድስቲ ከተማ ምስ ኣተዉን ነቲ ቤት-ጸሎት ምስ ረኣዩን፣ ብዓቢይ መንፈሳውነት ዚዝምሩ ንሕና'ውን ከምኡ ክንዝምር ኢና።

**“ንዑናይ ናብ ቤት-እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ ደስ እውን በለኒ። እንሆ እውን እ ኢየሩሳሌም ኣብ ዓናቕጽኪ ደው ንብል ኣሎና”(መዝ.122፥1-2)**

ሕይወት ማለት ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ እንገብሮ ጉዕዞ እንኪኸውን፡ ሞት ማለት ከኣ ናብቲ ናይ መወዳእታ ቤትና ምብጻሕ ማለት ኢዩ። እቲ ኩሉ ዚተጐዓዝናዮ መንገድን ዝኸድናዮ ዑደትን ናብቲ ዓኞቕጽ ቤት-እግዚኣብሔር ኢዩ ዜብጽሓናን ዚጽምብረናን።

ሓደ ሰብ ቀዲሙና ኣብኡ ከይዱ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ኢየሱስ ክርስቶስ "እቲ ኣነ ቦታ ምእንቲ ኬዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ፣ ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ክትኮኑ ከኣ ተመሊሰ ክወስደኩም ኢየ" (ዮሓ.14፡2-3) ዚበለ እዩ። ብዙሓት ካብቶም እነፍቅሮም እውን ናብቲ ቦታ ሓሊፎም ኣለዉ። ብሓቂ ነዊሕ ሕይወት ንምነ። ሞት ምስ መጸት ግን ንምንታይ ንፈርህ? እግዚኣብሔር ይጽበየና ከምዘሎ ኣይንፈልጥን ዲና?

ኣብርሃም ንከተማ እግዚኣብሔር ኣማዕዲዩ ጥራይ ርእዩዋ። ንሕና ግን ንእግዚኣብሔር ገጽ ንገጽ ኢና ክንርእዮ።

**ጸሎት፦** ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ንስኻ ኣቦና ብምኻንካ እቲ ዝዓበየ ሓጐስካ ንኣና ኣብ ቤትካ ንምቕባል ኢዩ። ንልባትና ተስፋ ምልኣዮ፣ ንፍርህናውን ብሙሉኡ ኣልግሰልና፡ ኣብ መወዳእታ ጉዕዞና ከኣ ንኣና ኮነ ንፈተውትና ኢድካ ዘርጊሕካ ተቀበለና።



## ናይ ነጋድያን ጸሎት መቕጻርያ

### 1. ናይ ደስታ ምስጢር

*“እቲ መልኣኽ ንማርያም፡ ኦ ማርያም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ድማዕ ረኺብኪ ኢኺ’ሞ ተሓጎሲ። እንሆ ክትጠንሲ ወዲ እውን ክትወልዲ ኢኺ፡ ኢየሱስ ቢልኪ እውን ክትሰምይዮ ኢኺ” በላ (ሉቃ.1፡30-31)።*

እዚ እቲ ዝነውሐ ጉዕዞ ኮይኑ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ኩሉ ጉዕዞ ፈጺሙ ኣማኑኤል ኮይኑልና። ኣባና እውን ሓደረ። ንብዙሓት እንክጽውዮም፡ ንኩልና እውን በብኣስማትና ይጽወዓናን ሓላፍነት ይህበናን።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታይ፡ ናባኻ ኣቢልና ጉዕዞና ምስ ጀመርና ንፍርህና ቀንጥጠልና፣ በብኣስማትና ጸውዓና። እቲ ኣብ ሕይወትና ኬነፍርዮ እትጽበየና ነገር ንምፍጻም ምእንቲ ክንክእል ከኣ ሓግዘና።

### 2. ቅ.ማርያም ንቅ.ኤልሳቤጥ ከም ዝበጽሐታ

እግዝእትነ ማርያም ንሓትኖኣ ኣብቲ ሓገዝ ዘድልያ ጊዜ ክትበጽሓ ተሃወኸት። እቲ ምርኻበን ከኣ ዓሚቑ ናይ ሓጎስን በረኸትን ግዜ ኮነ (ሉቃ.1፡39-42)። ብዛዕባ ርእስና ኣቕሪብና ምስ እንሓስብ ርእስና ጥራሕ ኢና ንረክብ። ኣብ ሽግር ንዝርከቡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ምስ እንበጽሕ ግን ንእግዚኣብሔር ኢና እንረክብ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታይ ነቶም ኣብ ጸገም ዝርከቡ ክንሕግዝ ኣብ ንብገሰሉ ጊዜ በቶም ኣሕዋትናን ኣሓትናን ንኣኻ ከም እንረክብ ፈሊጥና፣ ካብ ትህኪት ከም ንድሕን ግበረና።

### 3. ቅ. ማርያምን ቅ. ዮሴፍን ናብ ቤተ-ልሄም ዚገበርዎ ንግደት (ሉቃ.2፥1.4-5)

እቲ ቅ.ማርያም ናብ ይሁዳ ዚፈጸመቶ ናይ መጀመርያ ጉዕዞ ቀሊልን ሓጐስ ዚመልኦን ኢዩ ነይሩ። እቲ ድሕሪ ትሽዓተ ወርሒ ነፍሰ-ጾር ኮይና ናብ ይሁዳ ዚተመልሰትሉ ጉዕዞ ግን ጽንኩርን ሓደገይናን ኢዩ ነይሩ። ኣበይ ከም እትሓርስ እውን ኣይትፈልጥን ነይራ። ማርያምን ዮሴፍን ግን ኣብ ሓልዮት ኣምላኽ ይኣምኑ ነበሩ።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታይ ሓደ ሓደ ጊዜ ናብቲ ክንከዶ ዘይንደልዮ ቦታ ክንከይድ ትእዝዘና ኢኻ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ እምበኣር ንስኻ ምሳና ከም እትጐዓዝ ኣብ መለኮታዊ ሓልዮትካ ከም እንኣምን ግበረና።

## 4. እቲ ናይ መጀመርያ ጉዕዞ ናብ ኢየሩሳሌም (ሉቃ.2፥22)

ማርያምን ዮሴፍን ከም ሕገ-ሙሴ ሕገ-ንጽሕና ኪፍጽሙ ንኢየሱስ ሕጻን ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ኬወፍይዎ ነገዱ። ነቲ እግዚኣብሔር ዚሃቦም ሕጻን ናብ እግዚኣብሔር ኣወፈይዎ።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታይ ሕይወትና ናትና ኣይኮነትን። ካባኻ ስለ ዝተቀበልናያስ ናትካ ኢያ። ምእንቲ እዚ ኩሉ ጊዜ ብምሉእ ልብና እቲ ኩሉ ዘሎናን፡ እንገብሮ ኩሉን ናባኻ ምእንቲ ኬንቅርቦ ባዕልኻ ሓግዘና።

## 5. ካልኣይ ጉዕዞ ናይ ኢየሩሳሌም (ሉቃ.2፥41-42)

ከምተን ኩላተን ቅዱሳን ስድራ-ቤታት ዚፍጽምኦ ዚነበራ፡ እታ ቅ.ስድራቤት እውን ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ናብ ኢየሩሳሌም ንግደት ፈጸመት። ንኢየሱስ ክርስቶስ ወለዱ 12 ጊዜ ናብ ኢየሩሳሌም ወሰድዎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሓደ መንእሰይ ንመጀመርያ ጊዜኡ ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ከደ። “ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ንኪድ ክብሉ ምስ ሰማዕኩ ፍስሓ መልኣኒ ተሓጐስኩ ከኣ”(መዝ.122)። እቲ ጉዕዞ ንእግዚኣብሔር ኣቦኡ ኩለንትናኡ ዜወፍየሉን ፍቕሩ ዚገልጸሉን ተመክሮ ኮነ። ንዝተረፈ ሕይወቱ ከኣ ኣብ ስራሕ ኣቦኡ ኬውዕሎ ከም ዘሎዎ ተረድኦ።

**ጸሎት፦** ኦ ሰማያዊ ኣቦና ጉዕዞና ኣብቲ ቅዱስ ቦታኻ ስለዘቕናዕናዮ ንሕና ፍቱዋት ደቕኻ ምዃና ከም ዝርደኣና ግበረልና። ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድሜኻ ከም ዘሎናን ንኣኻ ዜሕጉስ ንክንገብርን ጽቡቕ ድላይ ሃበና።



## ናይ ብርሃን ምሥጢር

### 1. መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዮሓንስ ክጥመቕ ናብ ሩባ ዮርዳኖስ ከም ዝተጓዕዘ የተሓሳስበና (ሉቃ 3፥21)

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብቲ ማየ ምጥማቑ ኪጓዕዝ ከሎ፡ ነቲ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ኣቐዲሞም ብረድኤት ኣምላኽ ዝተሳገርዎ ሩባ ዮርዳኖስ እናሓሰበ ኢዩ። እቲ ምሥጋር እቲ፡ ብዝተፈልየ መልክዑ ንድኅነት እስራኤል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንድኅነት ኩሎም ብኣኡ ኣሚኖም ናብ ማየ ጥምቀት ዝጓዓዙ ምኺኑ ድማ ዓቢይ ትርጉም ኣለዎ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታ፡ ኣብ ግዜ ጥምቀትና ዝተጓዓዝናዮ ናይ እምነት ጉዕዞ እናሓሰብና፡ ሎሚ'ውን ነቲ ጸጋ ድኅነት እቲ ብምዕቃብ፡ ናብታ ዘለዓለማዊት መንግሥትኻ ገጽና ብምስትውዓል ክንስጉም ሓግዘና።

### 2. መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ናብ ዝተገብረ መርዓ ብምኻድ፡ ንማይ ናብ ወይኒ ከም ዝለወጠ የተሓሳስበና። (ዮሓ 2፥ 1-12)

ቅ.ጴጥሮስ ኣብ ቤት ቆርነሌዎስ ንዝነበሩ ሰማዕቱ ብዛዕባ ኢየሱስ እንክምስክረሎም **'ኣብ ኵሉ እናዞረ ጽቡቕ ከም ዝገበረ. . .'** (ግ.ሓ.10፥38) እናበለ ይዛረብ። ኢየሱስ መድኃኒና፡ ኵሉ ጉዕዞኡ 'ሠናይ' ብምግባር፡ ልቢ ተኸተልቱ ንምርስራስ ነበረ። ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ እውን፡ ነቶም ወይኒ ስለ ዝተወድኦም ናብ ውርደት ቀሪቦም ዝነበሩ ሰብ ውራይ፡ ካብ ውርደት ኣገላጊልዎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዳስ መርዓ ዝተዓጻጸፈ ሓጐስ ከም ዝወርሶ ገበረ።

**ጸሎት፡** ኦ ኢየሱስ ጐይታይ፡ ካብ ቤተይ ዝወጽኣሉ ዕላማን፡ ናብ ዝኾነ ቦታ ዝወፍረሉ ምኽንያትን፡ 'ሠናይ' ጥራይ ክኸውን፣ ኣብ ዝኸድክዎ ኵሉ እውን ናትካን ናይ ወንጌልካን ሰላምን ህድኣትን ጥራይ ደኣ እምበር፡ ዕግርግርን ሁከትን ከየምጽእ ብጸጋኻ ደግፈኒ።

**3. መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ 'ተነስሑ ብወንጌል እውን እመኑ' ብምባል መንግሥቲ ኣምላኽ ንምብሳር ኣብ ኵሉ ከም ዝዞረ የተሓሳስበና። (ማር 1፣14-15)**

ኢየሱስ መድኃኒና ባዕሉ፡ *'ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ደኣ እምበር ፍቓደይ ክገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ዝወረድኩ። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ከኣ፡ ካብቶም ንሱ ዝሃበኒ ዘበሉ፡ በታ ዳንረይቲ መዓልቲ ከተንሥኦም ኢየ እምበር፡ ሓደ'ኳ ኣይኪጠፍእን ኢዩ'* (ዮሓ 6፡39) ከም ዝበሎ፡ ነዚ ብሥራት እዚ ንኹሉ ንምብጻሕ፡ ከየቋረጸ ይጓዓዝ ከም ዝነበረ ንዝክር። እኳ ደኣ መምህራን ሥነ-መለኮት፡ ***'እቲ እናተንቀሳቐሰ ዝሰብኽ'*** (Itinerant Preacher) እናበሉ ኢዮም ዝጽውዕዎ።

**ጸሎት፣** ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ከም ኢየሱስ ጐይታና፡ ነቲ ናይ ድኅነት ሠናይ ዜና ንምብሳር፡ ብዘይምቁራጽ ወትሩ ክንጓዓዝ፣ መጠን ዝተጓዓዝናዮን፡ ከም ብዝሒ ዝረኸብናዮም ሰባትን ድማ፡ ናይ ንስሓን እምነትን መሰኻኽር ኮይንና ክንረክብ ጸጋኻ ኣብዝኃልና።

**4. መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ሓዋርያቱ ክጽሊ ናብ ደብረ ታቦር ኣብ ዝደየበሉ (ዝተጓዕዘሉ)፣ ትርኢቱ ተለዊጡ ከም ዘንጸባረቐ የተሓሳስበና። (ማቴ 17፣1-13)**

ደብረ ታቦር፡ ሙሴን ኤልያስን - እቶም መንፈሳውያን መራሕቲ ሕዝቢ እስራኤል - ምስ ኢየሱስ መድኃኒና ዝተዋስኡሉ ደብሪ ኢዩ። ብሓቂ ጉዕዞ ኢየሱስ፡ ኣብ ኣሰር እቲ ካብ ንሕዝቢ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ዘውጽአ ሙሴን፡ ኣብ ኣሰር እቲ ካብ ኣምልኾ ጣዖት ኪናገፉ ዝመሃረን ዝሰርሐን ነቢይ ኤልያስን ምኻኑ ንምርዳእ ዓቢይ ኣበርክቶ ኣለዎ። ክልቲኦም ንሕዝቦም ሓራ መውጻእቲ ከም ዝነበሩ፡ ኢየሱስ ድማ ብዝበለጸ ካብ ባርነት ኃጢኣት ሓንሳእን ንሓዋሩን ሓራ ዘውጽኣና መድኃኒ ምኻኑ የዘኻኽረና።

**ጸሎት፣** ኦ ኢየሱስ መድኃኒና፡ ካብ ዓለም፡ ሥጋ፡ ሰይጣን ሓራ እንኾነላ ደብሪ ሓርነት ናብ ዝኾነት ቤተክርስቲያን ወትሩ ብእምነት ክንጓዓዝን፡ ኣብኣ ተረኺብና ብምሥጢራት ንስሓን ቅ.ቁርባንን ወትሩ ክንልወጥን ጸጋኻ ኣብዝኃልና።

**5. መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሥጢረ ቅ.ቍርባን ከም ዝሰርዐ የተሓሳሰበና። (ሉቃ 22፡14-23)**

*'ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ እውን ዝሰቲ ሕይወት ዘለዓለም ኣላቶ፡ ኣነ'ውን በታ ዳኅረወቲ መዓልቲ ክተንሥኦ ኢየ'* (ዮሓ. 6፡54)፡ ዝብል ቃላት መድኃኒና ንዘክር። ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን ነቲ ምእንቲ ድኅነት ኵልና ዘወፈዮ ሥጋኡን ደሙን ተመጊብና ሕይወት ክንረክብ ዓቢይ ዕድመ የቕርበልና ኣሎ። ንሕና'ውን፡ ኣብዚ ንግደትና፡ ብመንፈሳውነት ተነሲሕናን ተሰናዲናን ሥጋኡን ደሙን ክንምገብ ክንደይ ዓስቢ ኣለዎ። እንተዘይተኻእለና ድማ ብሃረርታ ኣብ ልባትና ንቀበሎ!

**ጸሎት፤** ብመሥዋዕቲ ገዛእ-ርእስኻ ኣባይ ዘሎካ ፍጹም ፍቕርኻ ዝገለጽካለይ መድኃኒየይ ኢየሱስ፡ ሥጋኻን ደምካን ብምቕባል ወትሩ ምሳኻ ኪወሃሃድ፣ ኣብ ቅድሚ እዚ ቅዱስ ምሥጢርካ ብምቕራብ ድማ ብኣኡ ኪባረኽ ዝኽእለሉ ዕድል ወትሩ ክትፈጥረለይ እልምነካ ኣሎኹ።

## ናይ ሕማም ምስጢር

**1. ሳልሳይ ጉዕዞ ናብ ኢየሩሳሌም (ሉቃ.9፡51)**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰለስተ ዓመት ዚኣክል ሰናይ ተግባር እናፈጸመ ኣሕለፎ። ዜና ሰናይ ብዛዕባ መንግስቲ እግዚኣብሔር ሰበኸ። ንሕሙማት ፈወሰ፡ ንሕጢኣተይናታት ሓጢኣቶም ሓደገሎም። ነቶም ብርኹሳት መናፍስቲ ዚተታሕዙ ናጻ ገበሮም። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ መዓልቲ ኣቦኡ ናብ ኢየሩሳሌም ከም በሓድሽ ተጓዒዙ ኪመውት ከም ዚደልዮ ተረድአ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ከይተጠራጠረ ናብቲ ናይ መወዳእታን ጽንኩርን ጉዕዞ (ሞት)ተበገሰ።

**ጸሎትና** ጐይታና፤ ናብቲ ዘይንደልዮ ንኪንጐዓዝ ምስ ጸዋዕካና፣ ብዘይገለ ጥርጥርን ነግ ፈረግን ድላይካ ምእንቲ ክንፍጽም እታ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትብዓትን ጽንዓትን ክትህበና ንልምነካ ኣሎና።

**2. ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኸሪ ፋሲካኡ ሓደገልና (ሉቃ.15፡17-19)**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ'ቲ ብሞት ዚተዛዘመ ምስ ኣቦኡ ክራኸብ ዚፈጸሞ ናይ መወዳእታ ጉዕዞኡ፣ ናብ ቤተ-እግዚኣብሔር ኣቦና ኣቢልና፣

ኣብ ንፍጽሞ ጉዕዞና ኩሉ ጊዜ ምሳና ምኟኑ ገለጸልናን ኣረጋገጸልናን። ብቅ.ቀኑርባን ገይሩ ከኣ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና መግብና ኪኸውን ደለየ።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታና ብዜደንኽ ስጋኻን ደምካን ገዛእርእስኻ ስለዝሃብካና ነመስግነካ ኣሎና። ነዚ ስጋኻን ደምካን ብዓቢይ ፍቕርን ኣኽብሮትን ከም ንቕበሎን፣ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ምንጪ ትብዓትና ከም ዚኸውን ኪንገብርን ሓግዘና።

**3. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብወተሃደራት ተኾብኪቡ/ተዓጂቡ ከም ዚተጓዕዘ (ሉቃ.22፥52-54)።**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ጸላእቱ ኬምልጥ ምኽኣለ ነይሩ። እግዚኣብሔር ኣቦኡ እንካብ'ዚ ኩሉ ኬድሕኖ እውን ክጽውዖ ዘይክእል ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ነቲ ሴፍ መሊሑ ኪከላኸለሉ ዚፈተነ ረድኡ እኳ ድኣ ከምኡ ንከይገብር ኣጠንቀቖ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቦኡ ንኣና ንምድሓን ቢሉ ዝኣዘዞ ዘበለ ንኪፍጽሞ፣ ነቲ ስቅያትን ውርደት-መስቀልን ሓንጐፉይ ቢሉ ተቐበሎ። ናብ ማሕረዲ ተኾብኪቡ ከም ዚኸይድ ገንሸል ከኣ ሕራይ ቢሉ ከደ።

**ጸሎት፦** ጥዑም ኢየሱስ፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ምስ ለመናካ ካብ ሕማምን ስቓይን ተድሕነና ኢኻ። ካልእ ግዜያት ከኣ ንመስቀል ሕማምን ስቓይን ሓንጐፉይ ቢልና፡ ክንቅበሎ ትሓተና ኢኻ። ንዚወረደና ስቓይ ክንቅይሮ ኣብ ዘይንኽእለሉ ጊዜ ምእንቲ ፍቕርኻ ቢልና ክንቅበሎ ምእንቲ ሓይሊ ሃበና።

**4. ጉዕዞ ጐደና (ፍኖተ) መስቀል (ሉቃ.23፥26)**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣዝዩ ደኺመ። ኣብ ትሕቲ እቲ ከቢድ መስቀል ከኣ ጻሕ ቢሉ ወደቐ። እቶም ዓቀይቲ ከኣ ንሓደ ሓላፍ መንገዲ ከቲሮም መስቀል ኢየሱስ ኪስከም ገደድዎ።

**ጸሎት፦** ኦ ጐይታና ኣብ ዙርያና ብኸብደት ሕይወት ዝተጸቕጡ ሰባት ከም ዘለዉ ንፈልጥ ኢና። ምእንቲዚ ነቶም ንመስቀል ሕይወቶም ጸዊሮም ዚጐዓዙ ዘለዉ ብምሉእ ልቢ ምሕጋዞም ምእንቲ ክንክእል ርድኣና።

## 5. ጉዕዞ ናብ ገነት (ሉቃ.23፥42-43፥46)

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ዓለም እዚ ሓዲጉ ናብ ኣቦኡ ኪጐዓዝ ምስ ጀመረ፡ ንሓደ ገበነይና ኣብ ገነት ምሳኡ ኪኣቱ ዓደሞ። ምስ ኢየሱስ ሞት ጉዕዞ ሕይወቱ ኮነ።

**ጸሎትና** ኦ ኢየሱስ መድኃኒና ዚሓለፈ ሕይወትና ኃጢኣት ዚመልአ እኳ እንተነበረ ንስኻ ባዕልኻ ግን ኃጢኣትና ክትሓድገልናን፡ ሕጂ ዕድል ሓድሽ ሕይወት ክትህበናን ቅሩብ ምኻንካ ንፈልጥ ኢና። ኣብዚ ጉዕዞ እዚ፡ ብኃጢኣትና እንሓዝነሉን ከም ብሓድሽ ናብ ናትካ ናይ ሕይወት ናብራ እንምለሰሉን ጸጋ ሃበና።

## ናይ ክብሪ ምስጢር

## 1. ምስቲ ዝተንስአ ክርስቶስ ምጉዓዝ (ሉቃ.24፥13-15)

ክልተ ናበይ ይኸዱ ምህላዎም ዘይተረድኦም ሰባት ኪጐዓዙ ንርኢ። ብሃንደበት ከኣ ሓደ ጋሻ ይጽንበሮም። ኢየሱስ ምስ እዞም ሰባት እዚኣቶም ይጐዓዝ ይዛረቦም ከኣ። ብቕጽበት ከኣ ኣብ ልባቶም ሓድሽ ሙቐት ይስምዖም። መኣዲ ምስ ባረኸሎም ግን ክዝክሩ ክኢሎም፡ እወ ንሱ ኢዩ፡ ሕያው ኮይኑ ኢዩ፡ ዚብል ተስፋታት ከኣ ነይርዎም። ምስ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓድሽ ተስፋ ናብ ኢየሩሳሌም ተመሊሶም ናብ ኣሕዋቶም ኣሓቶምን ገጾም ይኸዱ ነበሩ።

**ጸሎትና** ኦ ካብ ሞት ዝተንሳእካ ኢየሱስ፡ ኩሉ ዚጠፋእና ኮይኑ እንክስመዓና፡ ሕይወትና እውን ገለ ትርጉም ዘይብሉ ኮይኑ እንኪረኣየና ኣብ ጐደና ሕይወት ምሳና ከም እትጓዓዝን እትዋሳእን ኣዘክረና።

## 2. ናብ ኣቦና (እግዚኣብሔር-ኣብ) ምኻድ(ዮሓ.20)

ንኢየሱስ ሕይወቱ ናብ ኣቦኡ ምኻድ ማለት ኢዩ። ካብ እግዚኣብሔር ከም ዝመጽአን ናብኡ ከምዚምለስን ኢዩ ዚፈልጥ ዚነበረ። ጉዕዞኡ ግን ንበይኑ ኣይኮነን፡ ኣሕዋቱ ኣሓቱን ምሳኡ ስለዚጐዓዙ እቲ ኣቦኡ ኣቦና፡ እቲ ኣምላኹ ከኣ ኣምላኽና ኢዩ።

**ጸሎትና** ኦ ጐይታይ ኣብዚ ነባሪ ቤት የብልናን፡ እቲ ሓቐይና ቤትና፡ ቤት እቲ ኣቦኻ ዚኾነ እግዚኣብሔር ኢዩ። ስለዚ ኩሉ መዓልቲ፣ ሓደ መዓልቲ ናብ ዘልኣለማዊ ቤትና እንቀርብ ኣረድኣና።

## 3. መንፈስ ኢየሱስ መራሒና ኢዩ (ግብ.2፥14)

ሓዋርያት ብፍርሀን ተሰፉ ምቑራጽን ተዋሒጦም ነበሩ፡ መንፈስ እግዚኣብሔር ምስ ወረዶም ግና ኩሉ ነገራቶም ተለዊጡ። ኩሉ ፍርሂ ተቐንጠጠ። ብሥራት ትንሣኤ ክርስቶስ ከኣ ብድፍረት ሰበኹ። መንፈስ እግዚኣብሔር ልሳን ቃላቶም ኮነ። ንውሳኔታቶም ከኣ ርቱዕ ገበሮ።

**ጸሎትና** ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ሕይወትና ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ ዘይፍሉጥ መገዲ ብዘይ ካርታ ዚፍጸም ጉዕዞ ኢዩ። መንገድና ከኣ ይጠፍኣና። ምእንትዚ ውሽጣዊ መራሒና ኮይንካ ናብ መንግሥተ እግዚኣብሔር ዚሕብር መራሒ ሕይወትና ኩነና።

## 4. መወዳእታ ጉዕዞ እግዝእትነ ማርያም

ብሰንኪ ሓጢኣት ሞት ካብ ኩሉ ዝፍራሕ ነገር ኮነ፡ ትንሳኤ ክርስቶስ ንሞት ስለዝሰዓሮ ግን ሞት ናብቲ ምልኣት-ሕይወት ዚኾነ እግዚኣብሔር መሰጋገሪ ጥራሕ ኮነ። ነታ ምልእተ ጸጋ ዝኾነት ማርያም ሞት ዜጸግም ነገር ዘይኮነስ ናብ ወዳን ናብ እግዚኣብሔርን ዜሰጋግር መሳልል ጥራሕ ኮና፡ ሙማት ናብ ቤትካ ምምጻእ እዩ።

**ጸሎትና** ኦ ብዘይ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ዝተጠነሰኪ ማርያም፡ ኣብ ዓወት ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ሞት ተሳተፊት ኢኺ። ምእንቲ'ዚ ምሳና ክይንኪ ነቲ ብዛዕባ ሞት ዘሎና ፍርሂ ቀንጢጥኪ ኣብ እምነትና ኣጽንዕና።

## 5. ኣብ መወዳእታ ማርያም ናብ ዘልዓለማዊ ቤትና ከተሰንየና ኢያ። (ራኢ.12.1)

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል እናምተ እንከሎ፡ ማርያም ወላዲቱ፡ ኣዴናን ኣደ መላእ ቤተ-ክርስትያን ገበራ። ንሳ ሎሚ ተኻፋሊት ክብሪ እግዚኣብሔር ኢያ። ንሕና ኩልና በብውልቅና፡ ኮነ ነጋዲት ቤተ-ክርስትያን ማለት መላእ ዘርኢ ሰብ ንእግዚኣብሔር ሓደ መዓልቲስ ገጽ ንገጽ ክንርእዮ ሃረር ንብል ኣሎና። ስለዚ እግዝእትነ ማርያም ከም ሓንቲ ጥዕምቲ ኣደ

በእዳውና ሒዛ ታተ እናበለት ናብ ቤትና ክትመርሓና ኢ.ያ።

**ጸሎት፦** ኦ ማርያም ኣዴና ድኻምነት ደቕኺ ትፈልጢ ኢኺ፡ ትህኪትን ዝንጋዐን እንኬጥቅዓና ኣንቅሕና። ተስፋ ኣብ ንቈርጸሉ ጊዜ ትብዓትን እምነትን ሃብና፡ ኣብ ንደናገረሉ ጊዜ ቃል-እግዚኣብሔር ከም ንዝክር ግበርና። ሕጉ ንምጥሓስ ኣብ ንፍትነሉ ጊዜ፡ ብፍቕርኺ ምልእና። ኦ ኣዴና ናብ ቤትና ምርሕና።

“እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰቲ ግን እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘልኣለም ሕይወት ዝፍልፍል ዓይኒ ማይ ኸኸውን እዩ እምበር ንዘለዓለም ኣይጸምእን እዩ።” ዮሓ.4፡14





"እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰቲ ግና፥ እቲ ኣነ ዝህቦ ፣ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኾነሉ እዩ እምበር ንዘለዓለም ኣይኪጸምእን እዩ" (ዮሓ 4.14)